ዘፍ 48፣16 መዝ 34፣7 ዘጽ 23፣20 መሳ 6፣11
ኢዮ 33፣23 ዳኒ 3፣17 ዘካ 1፣12

ቅዱስ ሚካኤል ካብ ዝገበሮ ተኣምራት

❖ ሓደ ሰብኣይ ሕያዋይን ንእግዚኣብሔር ዝፈርሕን: ንድኻታትን ንሽጉራትን ዝሕግዝ: ኩል ግዜ ብስም ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ንኹሉ ሰብ ጽቡቕ ነገር ይገብር ነበረ። እቲ ናይ ደቂ ኣዳም ተጻራሪ፡ ጽቡቕ ነገር ዝጸልእ ሰይጣን ድማ ነዚ ነገር ምስ ረኣየ ቀኒኡ ብርቱዕ ሕማም(ደውየ) ኣምጸኣሉ። ምሉእ ኣካላቱ ለሚሱ ጽኑዕ ሕማም ድማ ሓመመ። እዚ ሕያዋይ ሰብ ሕማሙ ስለዝበርትየ ኩሉ ግዜ ይግዕር ነበረ። ካብቲ ብርትዐ እቲ ሕማም ዝተላዕለ ካብ ዝደቀሶ ምትንሳእ ተሳእኖ። ስለዚ ከኣ ኣዝማዱን ጉረባብቱን ጸዊው ናብ ናይ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ቤተ-ክርስቲያን ሓቢኡም ክወስድዎ ለመኖም። ንሳቶም'ውን ሰብ ከይረኣዮም ብለይቲ

Scanned with CamScanner

ተሰኒሞም ወሰድዎ። ከምቲ ዝለመኖም ናይ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ሰእሊ ኣብ ዘለዎ ወሲዶም ኣንበርዎ። ድሕር'ዚ እቲ ሰብኣይ ብፍጹም እምነት ናብ ቅዱስ ሚካኤል ክልምንን ክምህለልን ጀመረ። ከምዚ ድማ በለ፡ "ኦ! ናይ መላእኽቲ ሓለቃ ቅዱስ ሚካኤል! ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ብጸሎትካ ዘክረኒ፡ ሕጂ'ውን ንዓ ርድኣኒ: ኻብዚ ዝረኸበኪ ጽኑዕ ሕማም ፈውሰኒ፡ ኣድሕነኒ። ኣነ ባርያኻ ኣማላድነትካ ኣሚነ ዝኽርካ ዝገብር ዝነበርኩን ዘለኹን እየ።" ብመሪር ሓዘን እናነብዐ ኣፍ ልቡ እናሃረመ ከምዚ እናበለ ከሎ፡ ፍርቂ ለይቲ ኮነ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዓቢይ ብርሃን መጸ። ናይ መላእክት ሓለቃ ቅዱስ ሚካኤል ካብቲ ብርሃን ከምዚ ኢሉ ተዛረቡ፡ "ካብዚ ሕማምካ እግዚኣብሔር ኣድሒኑካ ኢዩ'ሞ፡ ተፈዊስካ ኣሎኻ፡ ተንስእ እንሆ እግዚኣብሔር ኣድሒኑካ፡ ምሕረት'ውን ኣዊጀልካ፡ ካብ ሕጂ ዳግማይ ኣይትብድል፡ ሓጢኣት'ውን ኣይትግበር ካብዚ ዝኸፍእ ከይረኸበካ።" ኢሉ ኢዱ ዘርጊሑ ንኩለንትናኡ (ንኩሉ ኣካሉ) ዳህሰሶ።

Scanned with CamScanner

"እግዚአብሔር ኣድሒኑካ እዩ'ሞ ተንሲእካ ኪድ" በሎ። ካብ ድቃሱ ምስ ተበራበረ ቀኒው ብእግሩ ደው ኢሉ ከደ። ንናይ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ኣምላኽ እናኣመስገነ ብሓጉስ ዘለለ። ካብ ሕማሙ ሰለ ዝተፈወሰ ኣዝዩ ተሓጉሰ፡ ደስ ከኣ በሎ። ብፍጹም ደስታ እናመስገነ ኣብ ናይ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ስእሊ ኣድህኖ ሰገደ። ንኩሉ ህዝቢ ነዚ ዓቢይ ተኣምር ምስ ረኣዩ ንናይ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ክብርን ልዕልናን ፈጺሞም ኣድነቑ፡ ብዘገበሮ ተኣምር ከመስግኑ'ውን ጀመሩ። ንናይ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ዝረኣይዎ ተኣምር ንኹሉ ሰብ ነገሩ። እቲ ዝደሓነ ሰብኣይ'ውን ካብቲ ቅድም ዝነበሮ ንላዕሊ ሰናይ ምግባርን ሕያውነትን የዘውትር ነበረ። ክሳዕ ዕለተ ሞቱ በብወርሑ ብዕለት 12ተ ዝክር ናይ ቅዱስ ሚካኤል ምግባር ኣየቋርጸን። ናይ ምሕረትን ይቅሬታን ልኡኽ ዝኾነ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ብኣማላድነቱ ናብ ገነት ኣተወ። ንዓና'ውን ናይ ክብሪ በዓል ቤት ጉይታ፡

Scanned with CamScanner

ብናይ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ኣማላድነት ፡ የድሕነናን ይባልጎናን፡ ንኹልና ኑቲ ሰናይ ዘኾነ በዓሉ ከነብዕል እንእኽብን ካብ ኣብራኽ ሥላሴ ብጥምቀት ዝተወልድና ብጸሎቱን ብኣማላድነቱን፡ እንኣምንን ብኡኡ እንውከልን ብኣኽናፉ ይኽደነና፡ ናይ ሓጢኣት ሃሩር ከየቕምስለና፡ ጋሃንም እሳት ከይቃጽለና፡ ብኣማላድነቱ ይሰውረና። ናይ ጸላኢ ፍላጻ ከይወግኣና ካብ ሕማም ነፍስን ሕማም ሲጋን ይፈውሰና። ናይ ሓጢኣት ሞት ከይረኽበና በብመዓልቱን በብሰዓቱን ይሓልወና። ናይ ዓለም ሓዘን ከየተክዘና ካብ ኩሉ ኽፋእ ሓሳባት የውጸእና። ንዘልኣለም ዓለም ኣሜን!።(ድርሳነ ሚካኤል ዘየካቲት)

❖ እስራኤላውያን ብመሪሕነት መሰፍን ኢያሱ እናተጓዓዙ እንከለው ይራድኣም ነበረ። መሰፍን ኢያሱ፡ ንሕዝቢ እስራኤል መሪሑ፡ ኣብ ጥቃ ኢያሪኮ እንከሎ ዓይኑ ኣልዒሉ ጠመተ፡ ዝተመዘዘ ሰይፊ ብኢዱ ዝሓዘ ሰብኣይ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ደው

Scanned with CamScanner